# በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ

## መምርሒ ኣወሃህባ ምስክር ወረቐት ምውፃእ ግቡእ ዕዳ ግብሪ

## ቁፅሪ 12/2006

ጥቅምቲ 2006 ዓ.ም

# መምርሒ ኣወሃህባ ምስክር ወረቐት ምውፃእ ግቡእ ዕዳ ግብሪ ቁፅሪ 12/2006

ግብሪ ምኽፋል ዜግነታዊ ግቡእ ካብ ምዃኑ ዝተልዓለ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ይኹና ካልኦት ትካላት ንዝህብኦ ግልጋሎት ኣቐዲመን ግቡእ ዕዳ ግብሪ ምኽፋሉ መረጋገፂ ዝሓታ ብምዃነን፣

እዚ ድማ እቲ በዓል መዚ ናይ ግብሪ ዕዳታት ብእዋኑ ኣታዊ ክግበር ዝሕግዝ መስርሒ ብምዃኑ፣

ስነ-ስርዓት ኣወሃህባ ምስክር ወረቐት ዝፍፀመሉ ኩነታት ብመምርሒ ምድንጋግ ኣታዊ ክልል ኣብ ምቁፅፃር ዝላዓለ ተራ ስለዘለዎ እዚ በዓል መዚ ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ 210/2003 ዓንቀፅ 17 ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዝስዕብ መምርሒ ኣውፂኡ ኣሎ።

## 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ መምርሒ "መምርሒ ኣወሃህባ ምስክር ወረቐት ምውፃእ ግቡእ ዕዳ ግብሪ ቁፅሪ 12/2005" ተባሂሉ ይፅዋዕ።

## 2. ትርጉም

ኣብዚ መምርሒ ናይቲ ቃል ኣጠቓቕማ ካልእ ትርጉም እንተዘይሂቡ፣

1. "ምስክር ወረቐት" ማለት ግብሪ ከፋሊ ግብሪ ዕድኡ ከምዝተዋፅአ መረጋገፂ ክኾኖ በዚ በዓል መዚ ዝውሃብ ወረቐት እዩ።
2. "ግብሪ" ማለት በዚ በዓል መዚ ዝእከብ እቶት እዩ።
3. "በዓል መዚ" ማለት በዓል መዚ ልምዓት እቶት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ወይ ኣብ ትሕቲኡ ዝተወደበ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት እዩ።
4. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

## 3. ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ መምርሒ ብተብዓታይ ፆታ ዝተገለፀ ኩሉ ንኣንስታይ ፆታ እውን ተፈፃሚ ይኸውን።

4. **ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ መምርሒ ብሕጊ ተፈቒዱም ነዚ ክልል ኣታዊ ክኾኑ ኣብ ዝተወሰኑ ግብርታት ጥራሕ ተፈፃሚ ይኸውን።

5. **ምስክር ወረቐት ዝውሃቦም ዓይነታት ግልጋሎት**

እዚ በዓል መዚ ግብሪ ግቡኡ ንዝተዋፅአ ወይ ብምኽንያት መምርሒ ኣፈፃፅማ ስምምዕነት መናውሒ እዋን ኣከፋፍላ ግብሪ ዕዳ 128/2003 ኣብ ምኽፋል ዝርከብ ግብሪ ከፋሊ እንትሓትት ቀፂሎም ንዝለዉ ግልጋሎትን ካልኦት ግልጋሎታትን ምስክር ወረቐት ይህብ።

1. ፍቓድ ንግዲ ንምሕዳስ፣
2. ኣብ ጨረታ ንምክፋል (ወርሓዊ ዴክለሬሽን ምግባሩ ምርግጋፅ)፣
3. ተሽከርከርቲ ንምምዝጋብ፣ ምምርማርን (ክላውዶ) ንምክያድን መድሕን ካሕሳ ንምርካብን፣
4. ተሽከርካሪ ንምሻጥ፣ ሽም ንምዝዋርን ሰሌዳ ለውጢ ንምግባርን፣
5. ኣብ ንግዲ ስራሕቲ ዝተዋፈረ ሰብ መንበሪ ወይ ናይ ንግዲ ገዛ እንትሸጥ፣ ንግዲ ሽም ንምልዋጥ ወይ ንግዲ ንምዕፃው፣ ወይ መሰል ዋንነት ኣክስዮን ንምዝዋር፣
6. ሳልሳይ ወገን ብዛዕባ እቲ ግብሪ ከፋሊ ሓበሬታ እንትሓትት፣
7. ተጠቀምቲ ንግዲ ስርዓት ወፃኢ ዓዲ ቫውቸር ሕድሳት ንምግባር፣
8. ባንኪ ልቓሕን ካልኦት ተመሳሰልቲ ግልጋሎትን ንምርካብ

6. **ምስክር ወረቐት ቅድሚ ምውሃቡ ክፃረዩ ዝግብኦም**

በዓል መዚ ምስክር ወረቐት ቅድሚ ምሃቡ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ዝተማልኡ ምዃኖም ከረጋግፅ ኣለዎ።

1. ካብ ግብሪ ከፋሊ ዝድለ ዝኾነ ወርሓዊ ወይ ዓመታዊ መፍለጥታት ኣብ እዋኑ ዘቕረበን ዝድለ ውዝፍ ኣታዊ ግብሪ ዕዳ፣ ተርን ኦቨር ታክስ፣ ቴምብር ቀረፅ፣ ኤክሳይዝ ታክስ፣ክፍሊት ሊዝን ቤት ማዘጋጃን ሓዊሱ ካልኦት በዚ በዓል መዚ ዝእከቡ ክፍሊታትን ዕዳን ዝኸፈለ ምዃኑ፣
2. ግብሪ ከፋሊ ውዕሊ ምንዋሕ ኣከፋፍላ ግብሪ ዝኣተወ እንተኾይኑ ብእዋኑ እንዳኸፈለ ምዃኑ፣

3. ግብሪ ከፋሊ  ኣብ ዝተወሰነሉ ግብሪ ጥርዓን ንጥርዓን ሰማዒ ኮምቴ፣ ይግባኣኒ ንግብሪ ይግብኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ወይ ቤት ፍርዲ ብዝዓባ ምቅራቡ፣
4. ግብሪ ከፋሊ ናብ ግብሪ ይግባኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ወይ ቤት ፍርዲ ይግባኣኒ እንተሓቲቱ 50% ናይቲ ግብሪ ዕድኡ ዝኸፈለ ምኳኑ ክረጋገፅ ኣለዎ።
5. ግብሪ ከፋሊ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ፀገም ከምዝገጠሞ እንተመልክት እዚ ምህላዉ።

## 7. ምስክር ወረቐት ዝውሃበሉም ኩነታት

1. እዞም ዝስዕቡ ኩነታት እንትማልኡ ምስክር ወረቐት ይውሃብ፦
   ሀ. ግብሪ ከፋሊ  ዝግብኦ ግብሪ ዝኸፈለ እንትኸውን ወይ ውዝፍ ግብሪ ዘይብሉ ምኳኑ እንትረጋገፅ።
   ለ. ውዕሊ ኣከፋፍላ ስምምዕነት ዕዳ ግብሪ ኣትዩ ብእዋኑ እናኸፈለ ምኳኑ እንትረጋፅ፣
   ሐ. ግብሪ ከፋሊ ንዝተጠየቐ ግብሪ ናብ ጥርዓን ሰማዒ ኮምቴ ወይ ግብሪ ይግባኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ወይ  ቤት ፍርድ ይግበኣኒ ዘቕረበ እንትኸውን። ናብ ጥርዓን ሰማዒ ኮሚቴ ቅሬታ ዘቕረበ ከፋሊ ግብሪ ቅሬትኡ ውሳነ ዘይተውሃቦ እንተኾይኑ ምስክር ወረቐት ዝወሃቦ ናይቲ ግብሪ ዕዳ 50% እንተኸፊሉ'ዩ።
   መ. ኣብ ግብሪ ዘመኑ ወይ ኣብ ሒሳብ ግዚኡ ብዘፍለጦ ግብሪ መሰረት ግቡኡ ዝተዋፀአ፣
   ረ. በዚ በዓል መዚ ወይ ካሊእ ዝምልከቶ ኣካል ካብ ግብሪ ነፃ መሰል ዘለዎ ወይ ግብሪ እፎይታ ግዘ ዝተውሃቦ  ሰብ
   ሰ. ግብሪ ከፋሊ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ፀገም ግብሪ ክኸፍል ዘይኽእል ምኳኑ ብመረዳእታ ኣደጊፉ እንተመልክትን ማነጅመንት ኮሚቴ እቲ በዓል መዚ ኣሚኑሉ እንትውሰንን።
2. እቲ በዓል መዚ ኣብዚ ዓንቀፅ ብዝተገለፁ ምኽንያታት ምስክር ወረቐት ንምሃብ እንትውስን እቲ ምኽንያት ኣብቲ ምስክር ወረቐት ክንፀር ኣለዎ።

8. ምስክር ወረቐት ዘይወሃበሉ ኩነታት

1. ግብሪ ከፋሊ ኣብዚ መምርሒ ዓንቀፅ 7 መሰረት ዝተገለፁ ኩነታት ዘየማለአ ወይ ዝግበኦ ዘይፈፀመ እንተኾይኑ፣
2. ግብሪ ከፋሊ ብዝተመዝገቦ ንግዲ ፍቓድ ዓይነት ምንም ዓይነት ስራሕ ከም ዘይሰረሐ ገሊፁ ምስክር ወረቐት ክውሃቦ እንተሓቲቱ በቲ ዘውፅኦ ንግዲ ፍቓድ ዘይሰረሐ ምዃኑ እስካብ ዝፃረ፣
3. ግብሪ ከፋሊ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል እንተኾይኑ እሞ ግብሪ ዕድኡ ንምፍላጥ ኦዲት ምግባር ዘድልዮ  እንተኾይኑ ኦዲት ተገይሩ ክሳብ ዝፍለጥን ዝኸፈልን። ኦዲት ኣድላይ ዝኾነሉ ኩነታት፦
   ሀ. ናይቲ ሓታቲ ግብሪ ከፋሊ ትካል ዝተፃረየ ሃፍትን/ ወይ ኣብ ሒሳብ መግለፂ ዝተመዝገበ ቋሚ ንብረት ካብ 50% ንላዕሊ ዝሸየጥ እንተኾይኑ
   ለ. እቲ ትካል ብኽፋል ይኹን ብምልኡ ዝዕፆ እንተኾይኑ
   ሐ. ኣክስዮን ወይ ንብረት ዝውውር እንተኾይኑ
   መ. ዝተፈላለዩ ናይ ሰብነት ባህሪ ዝነበሮም ትካላት እንትዋሃዱ
4. ውልቀ ሰብ ነጋዲ ኮይኑ ሒሳብ መዝገብ ናይ ምሓዝ ግቡእ ዘለዎ እሞ  ግብሪ ዕድኡ ንምፍላጥ  ኦዲት ምግባር ኣድላይ እንተኾይኑ  ኦዲት ቅድሚ ምግባሩን ዕድኡ ምኽፋሉን ምስክር ወረቐት ክውሃቦ ኣይግባእን። ኦዲት ኣድላይ ዝኾነሎም ኩነታት፦
   ሀ. ናይ ሓታቲ ግብሪ ከፋሊ ዝተፃረየ ሃፍቲ ወይ ኣብቲ ሒሳብ መግለፂ ዝተመዝገቡ  ቋሚ ንብረት ሓዲኡ ዝሸይጥ እንተኾይኑ፣
   ለ. እቲ ነጋዳይ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ንግዱ ዝዓፀወ እንተኾይኑ፣
5. ኣብ ኣታዊ ግብሪ 68/95 ዓንቀፅ 73 (3) ከምዝተደንገገ፦
   ሀ. ግብሪ ከፋሊ ግብሪ ውሳነ ካብ ዝበፅሖ ወይ ውሳነ ጥርዓን ሰማዒ ኮምቴ ካብ ዝበፅሖ ኣብ 30 መዓልቲ ውሽጢ እንተዘይከፊሉ ወይ ናብ ግብሪ ይግባኣኒ ሰማዒ ኮምቴ ይግባኣኒ እንተዘይኣቕሪቡ ወይ፣
   ለ. ግብሪ ይግባኣኒ ሰማዒ ኮምቴ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይግባኣኒ ናብ ቤት ፍርዲ እንተዘይኣቕሪቡን እንተዘይከፊሉን፣
   ሐ. ይግባኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ናይ መወዳእታን ተፈፃምን ኣብ ዝኾነሉ ግዜ እቲ ዝግብኦ ግብሪ እንተዘይከፊሉ ወይ ስምምዕነት ኣከፋፍላ እንተዘይገይሩ

6. ብኣታዊ ግብሪ ኣዋጅ ዓንቀፅ 81 ንኣወሳስና ግብሪ ዘተዓናቕፍ ኩነታት እንተህሉ ክሳብ መፅለቢ ዝረክብ፣
7. ብዓል መዚ ንግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቐት ዘይህቦ እንተኾይኑ ምኽንያቱ ዝርዚሩ ብፅሑፍ ክፍልጦ ኣለዎ።

## 9. ምቕራብ ሕቶ

1. ዝኾነ ግብሪ ከፋሊ ካብ ኣብዚ መምርሒ ዓንቀፅ 5 ንኡስ 1ን 3ን ንዝተገለፁ ኩነታት እንተይሓወሰ  ምስክር ወረቐት ክውሃቦ እንተደሊ ናይ ፅሑፍ መመልከቲ ሕቶ ግብሪ ናብ ዝኸፍለሉ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከቕርብ ኣለዎ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተገለፀ መመልከቲ እንተወሓደ እዞም ዝስዕቡ ክሕዝ ኣለዎ፣
   ሀ. ሽም መመልከቲ፣
   ለ. መለለዩ ቁፅሪ ግብሪ ከፋልነት፣
   ሐ. እቲ ምስክር ወረቐት ዝደለየሉ ምኽንያት፣
   መ. ዓይነት ንግዲ ወይ ስራሕ፣
   ረ. ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገበ እንተኾይኑ  መለለዪ ቁፅሩ፣
   ሰ. ግብሪ ዝኸፈለ ምዃኑ ዘረጋግፅ ቅብሊት ወይ ውዕሊ ስምምዕነት ወይ ይግበኣኒ እንተሓትት 50% ዕድኡ ዝኸፈለ ምዃኑ መረጋገፂ ቅብሊት።

## 10. ቅጥዒ ዝውሃብ ምስክር ወረቐትን ዘገልግሎ ግዘ ገደብን

1. በዚ በዓል መዚ ዝውሃቦ ምስክር ወረቐት ኣብ ሓባሪ ብዝተተሓሓዙ ቅጥዕታት መልክዕ ኮይኑ ኣብቶም ቅጥዕታት ዘይተኻተቱ ዝርዝር ኩነታት ምግላፅ ኣድላይ እንተኾውን እቲ ቤት ፅሕፈት ተመሳሳሊ ቅጥዒ ኣዳሊዩ ምጥቃም ይኽእል።
2. በዚ በዓል መዚ ዝውሃብ ምስክር ወረቐት ካብዚ ንታሕቲ ንዝተዘርዘረ ግዘ ጥራሕ የገልግል፦
   ሀ. ካብ ባንኪ ልቓሕ ንምርካብ ዝውሃብ ምስክር ወረቐት እቲ ደብዳቤ ካብ ዝተፀሓፈሉ ንተኸታታሊ ሽዱሽተ ወርሒ፣
   ለ. ንግዲ ፍቓድ ንምሕዳስ ዝተውሃበ ምስክር ወረቐት ደብዳቤ ካብ ዝተፅሐፈሉ ን 30 መዓልቲ፣

ሐ. ንግዲ ስራሕ ብምሉእ ወይ ብኽፋል ንምቁራፅ፣ ወይ ዋንነት ሽም ንምልዋጥ፣ ወይ ተሸከርከርቲ ንግዲ ንምምሕልላፍ ዝውሃብ ምስክር ወረቐት ደብዳቤ ካብ ዝተፅሐፈሉ ን 30 መዓልቲ፣

መ. ኣብ ጨረታ ንምስታፍ ዝወሃብ ምስክር ወረቐት ነቲ ዝተገለፀ ወርሒ።

ሰ. ንኻልኦት ምኽንያታት ዝውሃብ ምስክር ወረቐት ንክልተ ወርሒ።

## 11. ቅሬታ

ኣብ ኣወሃህባ ምስክር ወረቐት ቅሬታ ዘለዎ ግብሪ ከፋሊ ኣብቲ ቦታ ንዝርከብ ወናኒ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኣወሳስናን ኣተኣኻኽባን ክትትልን እቶት ከም ኣድላይነቱ ብፅሑፍ ከቕርብ ይኽእል።

## 12. ተሓታትነት

ዝኾነ ሰራሕተኛ ወይ ኣብ ሓላፍነት ዘሎ ኣካል ኮነ ኢሉ ወይ ብከቢድ ሸለልተኝነት ምስክር ወረቐት ክውሃብ ዘይግብኦ ግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቐት ዝሃበ ወይ ክወሃብ ዝገበረ ብገበን ተሓታቲ ይኸውን።

## 13. እዚ መምርሒ ዝፀንዐሉ እዋን

እዚ መምርሒ ካብ ዕለት 1 ጥቅምቲ 2006 ዓ.ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን።

ብርሃነ ፅጋብ

ዋና ዳይሬክተር በዓል መዚ ልምዓት እቶት

ቅጥዒ 1

**ንግዲ ስራሕ ንምቁራፅ ዝውሃብ ናይ ግብሪ ከፋልነት ምስክር ወረቐት**

ዕለት_______________

ቁፅሪ_______________

ናብ_________________________________________________________

________________________

ኣይተ/ወይዘሮ/ወይዘሪት/ትካል____________________________________________________

ግብሪ ከፋላይነት መለለዪ ቁፅሪ__________________________ብመምርሒ ቁፅሪ ______

ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ________ብዝተደንገገ ______________________________________

ምኽንያት ንግዲ ፍቓዶም/ደን ንምቁራፅ ክኸእሉ/ላ ክሳብ ዕለት____/___/____ዓ. ም ዘገልግል ምስክር ወረቐት ዝተወሃቦም/በን ምኻኑ ንገልፅ።

ምስ ሰላምታ

---

ቅጥዒ 2

**ንግዲ ፍቓድ ንምሕዳስ ዝውሃብ ናይ ግብሪ ከፋልነት ምስክር ወረቐት**

ዕለት_______________

ቁፅሪ_______________

ናብ_________________________________________________________

________________________

ኣይተ/ወይዘሮ/ወይዘሪት/ትካል____________________________________________________

ግብሪ ከፋላይነት መለለዪ ቁፅሪ__________________________ብመምርሒ ቁፅሪ ______

ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ________ብዝተደንገገ ______________________________________

ምኽንያት ንግዲ ፍቓዶም/ደን ንምሕዳስ ክኸእሉ/ላ ክሳብ ዕለት____/___/____ዓ. ም ዘገልግል ምስክር ወረቐት ዝተወሃቦም/በን ምኻኑ ንገልፅ።

ምስ ሰላምታ

ቅጥዒ 3

## ናይ ባንኪ ልቓሕ ንምርካብ ዝውሃብ ናይ ግብሪ ከፋልነት ምስክር ወረቐት

ዕለት______________

ቁፅሪ______________

ናብ_____________________________________________________

______________________

ኣይተ/ወይዘሮ/ወይዘሪት/ትካል________________________________________________

ግብሪ ከፋላይነት መለለዪ ቁፅሪ_________________________ብመምርሒ ቁፅሪ ________

ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ________ብዝተደንገገ_____________________________________

ምኽንያት ልቓሕ ባንኪ ንምርካብ ክኽእሉ/ላ ክሳብ ዕለት____/___/____ዓ. ም ዘገልግል ምስክር ወረቐት ዝተወሃቦም/በን ምኺኑ ንገልፅ።

ምስ ሰላምታ

---

ቅጥዒ 4

## ገዛ/ህንፃ ዋንነት ንምትሕልላፍ ወይ ካልእ ግልጋሎት ንምርካብ ዝውሃብ ናይ ግብሪ ከፋልነት ምስክር ወረቐት

ዕለት______________

ቁፅሪ______________

ናብ_____________________________________________________

______________________

ናይ ገዛ/ህንፃ በዓል ሃፍቲ ኣይተ/ወይዘሮ/ወይዘሪት/ትካል_____________________

ግብሪ ከፋላይነት መለለዪ ቁፅሪ_________________________

ርስቲ መዝገብ ቁፅሪ ________________________

ክኽፈል ዝግበኦ ቴምብር ቀረፅ፣ ግብሪ፣ ታክስ፣ ግልጋሎት ቤት ማዘጋጃ ብቅብሊት ቁፅሪ __________________________________ ብዕለት_________ ብር___________ _________________________________________________________ዝኽፈሉ ብምኺኖም ብመምርሒ ቁፅሪ ________ ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ_______ ብዝተደንገገ__________________ ___________________________________ምኽንያት ዋንነት ንምምሕልላፍ ክኽእሉ/ላ ክሳብ ዕለት____/___/____ዓ. ም ዘገልግል ምስክር ወረቐት ዝተወሃቦም/በን ምኺኑ ንገልፅ።

ምስ ሰላምታ

ቅጥዒ 5

**ተሽከርከርቲ/መሽን ዋንነት ንምትሕልላፍ ዝውሃብ ናይ ግብሪ ከፋልነት ምስክር ወረቐት**

ዕለት_______________

ቁፅሪ_______________

ናብ_________________________________________________________

________________________

ናይ ተሽከርካሪ/መሽን በዓል ሃፍቲ ኣይተ/ወይዘሮ/ወይዘሪት/ትካል______________________

ግብሪ ከፋላይነት መለለዪ ቁፅሪ__________________________

ናይ ተሽከርካሪ ሰሌዳ ቁፅሪ_________________________

ናይ ተሽከርካሪ/መሽን ሞተር ቁፅሪ___________________

ናይ ተሽከርካሪ/መሽን ቻሲ ቁፅሪ____________________

ናይ ተስሓቢ ሰሌዳ ቁፅሪ__________________________

ናይ ተስሓቢ ቻሲ ቁፅሪ____________________________

ንኣይተ/ወ/ሮ________________________________________ ብውዕሊ/ ውህብቶ/ውርሲ ንኽመሓላልፍሎም ነዚ ክኽፈል ዝግበኦ ቴምብር ቀረፅ/ግብሪ/ታክስ/ግልጋሎት ቤት ማዘጋጃ ብቅብሊት ቁፅሪ______________________________ ብዕለት_________ ብር___________ _____________________________________________________________ዝኽፈሉ ብምኻኖም ብመምርሒ ቁፅሪ ________ ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ______ ብዝተደንገገ___________________ _____________________________________ምኽንያት ዋንነት ንምምሕልላፍ ክኽእሉ/ላ ክሳብ ዕለት____/___/____ዓ. ም ዘገልግል ምስክር ወረቐት ዝተወሃቦም/በን ምኻኑ ንገልፅ።

ምስ ሰላምታ

ቅጥዒ 6

**ናይ ተሽከርከርቲ ንግዲ ፍቓድ ንምሕዳስ፣ ንግዲ ስራሕ ንምቁራፅ፣ ምርመራ ንምክያድ ወይ ክላውዶ ንምግባርን ንኻልእ (ዝተገለፀ) ግልጋሎትን ዝውሃብ ናይ ግብሪ ከፋልነት ምስክር ወረቐት**

ዕለት_______________

ቁፅሪ_______________

ናብ__________________________________________________________

_________________________

ናይ ተሽከርካሪ በዓል ሃፍቲ ኣይተ/ወይዘሮ/ወይዘሪት/ትካል___________________________

ግብሪ ከፋላይነት መለለዪ ቁፅሪ___________________________

ናይ ተሽከርካሪ ሰሌዳ ቁፅሪ__________________________

ናይ ተሽከርካሪ ሞተር ቁፅሪ____________________

ናይ ተሽከርካሪ ቻሲ ቁፅሪ_____________________

ናይ ተስሓቢ ሰሌዳ ቁፅሪ___________________________

ናይ ተስሓቢ ቻሲ ቁፅሪ_____________________________

ብመምርሒ ቁፅሪ________ ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ________ ብዝተደንገገ__________________

_____________________________________________________________________________

ምኽንያት ___________________________________ ግልጋሎት ንምርካብ ክኽእሉ/ላ ክሳብ ዕለት____/___/____ዓ. ም ዘገልግል ምስክር ወረቐት ዝተወሃቦም/በን ምዃኑ ንገልፅ።

ምስ ሰላምታ

**ቅጥዒ 7**

**ኣብ ጨረታ ንምስታፍ ወርሓዊ መፍለጢ ተወሳኺ እሴት ታክስ ንምቕራቡ ዝውሃብ ምስክር ወረቐት**

ዕለት_______________

ቁፅሪ_______________

ናብ_____________________________________________________________

__________________________

ኣይተ/ወይዘሮ/ወይዘሪት/ትካል________________________________________________________

ግብሪ ከፋላይነት መለለዪ ቁፅሪ____________________________ ኣብ ጨረታ ንምስታፍ ክኸእሉ ናይ ወርሒ _____________/_______ ዓ/ም ተወሳኺ እሴት ታክስ መፍለጢ ብዕለት ____________ ዘቕረቡ ምኳኖም ነቲ ዝተገለፀ ወርሒ ዘገልግል ምስክር ወረቐት ዝተወሃቦም/በን ምኳኑ ንገልፅ።

ምስ ሰላምታ